# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ኣናንሲን ጥበብን

Ghanaian folktale
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 3.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0

# ኣናንሲን ጥበብን



Ghanaian folktale
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti



ቅድሚ ነዊሕ ዘመን ሰባት ዋላሓደ ኣይፈልጡን ነበሩ። ናይ ኣዝርእቲ ምብቋል፡ ክዳውንቲ ምስፋይ ኮነ ምቕጥቃጥ ሓጺን ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ኲሉ እቲ ጥበብ ናይ ዓለም ምስቲ ኣብ ሰማይ ዝነብር ኣምላኽ ንያመ ጥራይ ነበረ። ንሱ ነቲ ጥበብ ኣብ ሓንቲ ናይ ካይላ ዕትሮ ብስቱር ዓቂብዎ ነበረ።





ኣብቲ መሬት ሕምሽሽ ኢላ ተሰባበረት። እቲ ጥበብ ብነጻ ንኹሉ ሰብ ከምዝባጻሕ ኰነ። በዚ ድማ እዮም ሰባት ነቲ ኲሉ ሕጂ መሊኾሞ ዘለዉ ጥበባት ከም ሕርሻ፡ ምስፋይ ክዳውንቲ፡ ምቕጥቃጥ ሓጺን ኰነ ካልእ ጥበባት ክፈልጡ ዝኸኣሉ።



ብሓጺር ግዜ ጫፍ ናይታ ገረብ በጽሐ። ግና ሽዑ ደው ኢሉ ሓሰበ፡ “ኣነ እየ እቲ ዝለበመ ሰብ ክኸውን ዝግበኣኒ ዝነበረ፡ እንተኾነ ግዳ እነሆለ ‘ዝ ወደይ ካባይ ዝበልሕ ኮይኑ!” ኣናንሲ ኣዝዩ ተቖጢዑ ነታ ናይ ካይላ ዕትሮ ካብ ጫፍ ናይታ ገረብ ንታሕቲ ደርበያ።





ሓደ መዓልቲ፡ ንያመ ነታ ናይ ጥበብ ዕትሮ ንኣናንሲ ክህቦ ወሰነ። ኵሉ ግዜ ኣናንሲ ነታ ናይ ካይላ ዕትሮ ኣብ ዝርኣየላ ግዜ፡ ገለ ሓድሽ ነገር ይምሃር ነበረ። ዘደንቕ እዩ!



ስሱዕ ኣናንሲ፡ “ነዛ ዕትሮ ኣብ ጫፍ ናይዚ ነዊሕ ገረብ ብስቱር ክዕቅባ እየ። ሽዑ ንዓይ ጥራይ ትኾውን።” ኢሉ ሓሰበ። ሓደ ነዊሕ ሃሪ ኣሊሙ፡ ኣብታ ናይ ካይላ ዕትሮ ኣሲሩ ኣብ ዙርያ ናይ ከብዱ ጠምጠሞ። ናብታ ገረብ ክድይብ ጀመረ። ግና እታ ዕትሮ ኣብ ብርኩ ደጋጊማ እናሃረመት ናብቲ ላዕሊ ምድያብ ኣጸገመቶ።





እዚ ኩሉ ክገብር ከሎ፡ ንእሽቶ ወዱ ንኣናንሲ ኣብ ትሕቲ’ታ ገረብ ደው ኢሉ ይከታተሎ ነበረ። ከምዚ ድማ በሎ፡ “ምድያብ ክቐለልካስ ነዛ ዕትሮ እንተትሓዝላ’ዶ ኣይምሓሸን?” ኣናንሲ ነታ ጥበብ ዝመልአት ዕትሮ ክሓዝላ ፈተነ፡ ብሓቂ ድማ ኣዝዩ ዝቐለለ ኾነ።